Australian Bureau of Statistics

census 8 August 2006

# Fact Sheet

www.abs.gov.au/census

## ነሐሰ ዕለት ክልተ (2) (August 8 2006)፥ ዝግበር ናይ ህዝቢ ቆጸራ ነቲ ኮምዩኒቲኹም ዓብይ ኣስተዋጽኦ ዝህብ እዩ።

ኣብቲ ብ2006 ዓመተ  ምሕረት ዝግበር ናይ ኣውስትራልያ ህዝብን ገዛውትን +ጸራ፥  ኩሉ ሰብ ክምዝገብን ክሳተፍን ናይ ግድነት እዩ። ኣብ'ዚ ዕማም እዚ ትገብርዎ ተሳትፎን ሓገዝን፥ ኻዓ ነቲ ኮሚዩኒቲኹም ናይ ቕድሚት ዕብየት ኣብይ ጥቅሚ ክነብሮ ዝሕግዝ እዩ።

ናይ መንግሥትን ናይ ግሊ ድርጅታትን እውን በቲ ካብ ህዝቢ ቆጸራ ዝረኽብኦ ውጤት እንዳተኸተላ፥ነቶም ናይ ኮሚኒቲ ኣገልግሎት ኣድለይቲ ዝኾኑ ከም፥ ገዛውቲ፣ ሓለዋ ጥዕና፣ ቤት ትምህርቲ፣ ናይ ቋንቋን ካልኦት ዝተፈላለየ፣ ነቲ'ማሕበረሰብ ኣገልግሎት ክህቡ ዝኽእሉ ሰናይ ዕላመኦም ንኽወቕዑ ዓብይ በሪ ዝኸፍተሎም እዮም።

## ብዛዕባ ናይ ትውልዲ ቦታ፤ ቛንቋ፤ ሃይማኖትን ዘርእን ዝቐርቡ ሕቶታት

ኣብቲ ብ2006 ዓ/ም ኣብ ኣወስትራልያ ዝግበር ህጹጽ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ንኹሉ ነባራይ ማሕበረሰብ ዝጥርንፍ ኮይኑ ፥ ከም ዕድመ ፥ ናይ ትውልዲ ቦታ፥ መዛረቢ ቋንቋን ሃይማኖትን ከምኦውን ዘርኢ ትውልዲ ዝበሉ ጠቐምቲ ሓበሬታታት ዝጥርንፍ ኺይኑ ፤ ናይ እንግሊዝኛ ክእለት ንምምሕያሽ'ውን ክንደይናይ ሓገዝ ከምዘድሊ ኣዝዩ ንምጽራይን ሓበሬታ ዝህብ እዩ።

እቲ ናይ ኮሚዩኒትታት ማሕበረሰብ ድማ  ነቲ ዝተገብረ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ውጤት ብምርግጋጽ ፥በቲ ናይ ቖጸራ ሰነድ ዝተመዝገበ ናይ ህዝቢ ቑጽሪ የጽድቕ። እቲ ካብ ህዝቢ ዝተረኸበ ቖጸራ ውጤት ድማ፤ ነቲ ናይ ኮምዩኒቲ ማሕበረሰብ ብትኽክል ክግለጸሉ እዩ።  እቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ውጤት ድማ መንግሥቲ ነቶም ኮምዩኒቲታት ኣድለይቲ ዝኾኑ ሓገዛት ንኽገብር ዘኽእልዎ ሓድ ሓደ  ሓበሬታታት ንኽረክብ ንኽእክብን ዘኽእልዎ እዮም።

## ካብቲ ዝተውሃበ ዝርዝር ውሽጢ እንድሕር ድኣ እቲ ዝሳማመዐኩም መልሲ ሲኢንኩምዎ፥ ዝመስለኩም መልሲ ጸሓፉ ኢኹም።

እቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ብግምት 280 ሀገራትን፥ 240 ቋንቋን ከምኡ'ውን 120 ሃይማኖታት ዝኣኽሉ ከምዝጥርንፍ ይግመት። እቲ ናይ ቖጸራ ቅጽ ዝተወሰነ ሓበሬታ ንምጥርናፍ ከምዘኽእል ተጌሩ ስለዝተዳለወ ፥ ከም ቋንቋን ሃይማኖትን ዝኣምሰሉ ኩሉ ምሓዝ ኣይክእልን እዩ። እንድሕር ድኣ እቲ ቋንቋኹም ወይ ኻዓ ሃይማኖትኩም ኣብ'ቲ ውሽጢ ዝርዝር እንተድኣ ዘይረኸብኩምዎ፥ ብኽብርኹም ነዚ ተባሂሉ ኣብ'ቲ ዝተዳለወ ሕንጻጽ ቦታ ኣስፍርዎ ኢኹም።

## ዝሃብኩዎ ሓበሬታ ኹሉ ኽ ክወጽእ ዶ ይኽውን ወይስ ብምሽጢር ይሕለወለይ እዩ?

በቲ ሕጊ መሰረት፥ በቲ እዋን ቖጸራ እትህብዎ ዝኾነ ይኹን ሓበሬታ ኹሉ ብምሽጥር ክታሓዝ ከምዘለዎን ናይ ግላዊ መሰልኩም ምኧኑን ኣብቲ ሕግ ብግቡእ ይጠቕሶ እዩ።

በቲ እዋን ህዝቢ ቖጸራ ኣብቲ ዝግበር ናይ ለቖታ መዝገብ ዕማም፥ እንድሕር ድኣ ሽምኩምን ኣድራሻኹምን ክኣቱ እንተዘይፈቂድኩም ኣብ'ቲ ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ መዝገብ ቤት ጽሕፈት ኣይቕመጥን እዩ። ድሕሪ እቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ውጽኢት ምስተወድአ፥ እውን እቶም ኣብ ኮምፑተርን ኣብ ዝተፈላለዩ ወረቓቕትን ዝተመዝገቡ ኣሽማትን ኣድራሻታትን ኩሎም ክስረዙን ክኀሓፉን እዮም።

ናይ ህዝቢ ቖጸራ ሰራሕተኛታት ኹሎም ግላዊ ሓበሬታታት በምሽጢር ንኽሕልው ብሕጊ ይግደዱ እዮም። ከም ኣውስትራልያ ፖሊስ፥ አስዮ (ASIO)፥ ናይ ቐረጽ መምርሒ ኽፍሊ፥ ሰንተርሊንክ (Centrelink)፥ ኢሚግሬሽንን፥  ናይ ንግዲ ድርጅታት ዝኣምሰሉ ኹሎም፤ በቲ ናይ ህዝብ ቖጸራ እዋን  እቲ ዝሃብኩምዎ ዝኾነ ይኹን ናይ ግሊ ሓበሬታ ክረኽብዎ ፈጺሞም ኣይኽእሉን እዮም።

## ናይ ህዝቢ ቖጸራ "ለኽታ መድሓኒት"

እቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ሓበሬታ፣ ከም ሽምን ኣድራሻን ዝበሉ ሓበሬታታት ተጠራኒፎም ኣብ'ቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ለኽታ ተቛጺሮም ፣ ኣብ'ቲ ናይ ኣውስትራልያ ብሄራዊ መዝገብ ቤት ጽሕፈት ንዓ99 ዓመት ዝኣክል ክቕመጡ እዮም። እቲ ለኽታ 99 ዓመት ከይሓለፎ ብዝኾነ ግለሰብ ክረአ ስለዘይፍቀድ፣ እዚ እዋን እዚዩ እዩ እምበኣር ክስ፣ እዋን ለኽታ ግዘ ተባሂሉ ዝጽዋዕ።

ናይ ኣወስትራልያ ብሄራዊ ቤት ጽሕፈት መዛግብ ድማ ብ2105 ዓ/ም ኹሉ እቲ ሓበሬታታት ካብ'ቲ ለኽታ መዝገብ ብምውጻእ ብህዝቢ ክምዝረአ ይገብር፣ እቲ ሓዱሽ መጻኢ ወለዶ ናይ ቀደም ትውልዲ ዘመድ ኣዝማዱ ሓበሬታ ንኽረኽብ የኽእሎ ኣሎ ማለት እዩ።

ድሕሪኡ ኣብ'ቲ ዘሎ እዋን ግና እቲ ናይ ለኽታ መዝገብ ሓበሬታ ጠርኒፉ ናይ ምቕማጥ ሓላፍነት ናይ ግለሰባት ድልየት እዩ ዝኸውን። ምናልባት ድማ እቲ እዋን ለኽታ ግዘ ምስኣኸለን ናይ ህዝቢ ቆጸራ ምስተጠናቐቐ እንድሕር ተገደስቲ ግለሰባት ቀሪቦም ዝደልይዎ ሓበሬታታት ዘይጠየቑን ዘይወሰዱን ተሪፎም፣ ናይ ኣወስትራልያ እስታቲስቲክስ ቤት ጽሕፈት እቲ ናይ ሓበሬታ ጥርናፈ እዋን ምስተወደአ እቲ ዶኩመንት ኹሉ ኣውዲኡ ይጉሕፎ።

## እቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ከመይ ከምዝስራሕ

በቲ ቖጸራ ምሸት፣ ሰሉስ፤ ነሐሰ ክልተ (August 8 2006)፣ ኣብ ኣውስትራልያ ዝርከብ ዋላ ቱሪስት ይኹን፣ ብዘየግድስ ኣብዝተረኽበሉ ቦታ ኾይኑ ኹሉ ሰብ ክቑጸር ናይ ግድነት እዩ። እቲ ቖጸራይ ሰራሕተኛ ድማ ቅድሚ እቲ ቖጸራ ምጅማሩ ክልተ ሰሙን ኣቐዲሙ፣ ናይ ቖጸራ ቅጽ (census form) ኣመላልኣ መምርሒ ፎርም ሒዙ ናብ ገዛኹም ክመጽእ እዩ። እቲ ትመልእዎ ፎርም (ቅጽ) ድማ እቲ ቖጸራ ምስሓለፈ ድሕሪ ክልተ ሰሙን መጺኡ ክወስዶ እዩ። እቲ ናይ 2006 ዓ/ም ህዝቢ ቖጸራ ቕጽ ሙሉእ ስድራ ቤትኩም ብሓንሳብ ኾይኖም ክመልእዎ ይኽእሉ እዮም።

## ሓገዝ ዶ የድልየኩም ይኸውን?

ኣብ ኣውስትራልያ ውሽጢ ህዝቢ ብብዝሓት ብዝጥቀመሉም ዝተፈላለዩ ናይ ኮሚዩኒቲ ቛንቛታት ኣቢሉ፣ ብዛዕባ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ዝምልከቱ ሕቶታት፣ ካብ ወርሒ ሓምለ (July) መወዳእታ ጀሚሩ መልሲ ምርካብ ይካኣል እዩ። ብዛዕባ ህዝቢ ቖጸራ ብቛንቛኹም ንምርዳእ ድማ እንድሕር ዳኣ ደሊኹም ካብ ን_ሆ ሰዓት 8:30 ስጋብ ምሸት ሰዓት 8:00 ብዘሎ እዋን ብስልኪ ቑጽሪ **1300 363 365** ደዊልኩም ሓበሬታ ርኸቡ ።

ንህዝቢ ዝቖጽሩ ሰራሕተኛታት ከም ቛንቛ ክእለቶም ኣብ'ቶም ኣድለይቲ ዝኾኑ ከባቢታት ክምዝሰርሑ ክግበር እዩ። ሓገዝ ክህቡ ዘኽእሎም ትምእርቲ'ውን ብእዋኑ ተዋሂብዎም እዩ። ናይ ህዝቢ ቖጸራ ድሕረ ገጽ። ኣብ'ቲ ናይ ህዝቢ ቖጸራ ዌብሳይት ድማ **www.abs.gov.au/census** ቑሩብ ብዛዕባ ህዝቢ ቖጸራ ሓበሬታ ዝህቡ ዝተተር_ሙ ስነ-ጽሑፋት ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም።

## ምልክታ! "ናይ ህዝቢ ቆጸራ መሰልኩም ስለ ዝኾነ፣ክትቁጸሩ ኣለኩም።